ትካልና (ማሕበር ደናግል ደቂ-ፍቕሪ) ናብ ተጠቀምቲ ዝባፃሕ እታወት ምግቢ ንምጉዕዓዝ ናይ ፅዕነት ግልጋሎት ትራንስፖርት ንምርካብ ብግልፂ ጨረታ ብምውድዳር ንሹዱሸተ ወርሒ ዝፀንዕ ዋጋ መሰረት ብምግባር ውዕሊ ብምእሳር ናብዞም ኣብ ዋጋ መውሃቢ ዝተጠቀሱ ቦታታት ንሙጉዓዝ ወይ ንምፅዓን ብምውድዳር ግልጋሎት ትራንስፖርት ክረክብ ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጉንበት 28, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 4, 2016 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 5, 2016 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ትራንስፖርት ግልጋሎት/

ምልክታ ጨረታ

ማሕበር ደናግል ደቂ-ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ትሕቲ ካቶሊካዊት ቤተ- ክርስትያን ሰበኻ ዓዲግራት ንዝተፈላለዩ ናይ ሕ/ሰብ ክፋላት ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕና ፣ኣብ ልምዓትን ካልኦትን ማሕበራዊ ፀገማት ኣገልግሎትን ሓገዝን እናበርከተ ዝርከብ ገባሪ ሰናይ ትካል እዩ:: ብፍላይ ድማ ኣብ ክልልና ምስ ት/ቲ ቢሮ ብሓባር ብምኻን ኣብ 11ˋ ወረዳታት ትግራይ እንዳ መኾኒ ፣ 20 ዓዲ ወጀራት ፣ ሕንጣሎ ፣ ፀራእ ወንበርታ ፣ኣፅቢ ወንበርታ ፣ ገርዓልታ ፣ ክልተ-ኣውላዕሎ ፣ ሱቡሓ ሳእስእ ፣ ኢሮፕ ፣ ሓውዜንን ኣበርገለን ፍርያት ሃገር ብዝኾነ ምግቢ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ተምሃራይ ክምገብ እናገበረ ዝርከብ ትካል እዩ:: ብተመሳሳሊ ንዝተፈላለዩ መራሕቲ ስድራ ናይ ምግቢ እታወት እናባፀሐ ዝፀንሐን ዘሎን ትካል እዩ።

በዚ መሰረት ድማ ትካልና ናብ ተጠቀምቲ ዝባፃሕ እታወት ምግቢ ንምጉዕዓዝ ናይ ፅዕነት ግልጋሎት ትራንስፖርት ንምርካብ ብግልፂ ጨረታ ብምውድዳር ንሹዱሸተ ወርሒ ዝፀንዕ ዋጋ መሰረት ብምግባር ውዕሊ ብምእሳር ናብዞም ኣብ ዋጋ መውሃቢ ዝተጠቀሱ ቦታታት ንሙጉዓዝ ወይ ንምፅዓን ብምውድዳር ግልጋሎት ትራንስፖርት ክረክብ ይደሊ:: ነዙይ መሰረት ገይርኩም እዞም ዝስዕቡ ሮቃሕታት እተማልኡ ኣብቲ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ኣካላት ንክትሳተፉ ንዕድም።

1. በዚ ዘርፊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ

2. ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ቁፅሪ /TIN/ ከቅርብ ዝኾእል

3. ሕጋዊ ተኽታተልቲ ደረሰኝ ከቅርብ ዝኾእል

4. ናይ መኪና ሊብሬ ከምኡ እውን ኢንሹራንስ ዘለዎ ሙኺኑ መረዳእታ ከቅርብ ዝኾእል

5. ዝርዝር ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደናግል ደቂ-ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ክወስድ ክወስድ ይኽእል።

6. ብመቅረባይ ዝምላእ ዋጋ ትካል ካብ ዘቅረቦ ናይ መውሃቢ ቅጥዒ ወፃኢ ምቅራብ ኣይፍቀድን

7. ኣብ ሓደ መዓልቲ ልዕሊ ሓደ መኪና እንተድሊ ዝድለያ በዝሒ መኪና ከቅርብ ዝኾእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ን 6* ወርሒ ዝፀንዕ ዋጋ መሰረት ገይሩ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእልን ትካልና ናይ ግልጋሎት ሕቶ እንተቅርብ ኣብ ዝተሓተቶ እዋን ከቅርብ ዝኽእል

9. ናብዞም ኣብ ዋጋ መውሃቢ ዝተጠቀሱ ቦታታት ንምጉዕዓዝ ኣብ ዝተደለየ እዋን ግልጋሎት ክህብ ዝኽእል

10. መኽበሪ ጨረታ ብር 50,000 /ሓምሳ ሽሕ/ ብር ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ምስ ጨረታ ሰነድ ብፖስታ ኣሸጉ ከቅርብ ኣለዎ ።

11. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ብመምርሒ ጨረታ መሰረት ተማሊኡ ብፖስታ ተዓሸጉ ማሕተምን ፊርማን ገይሮም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ዕለት 28/09//2016 ዓ. ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 5/10/2016 ዓ.ም ኣብ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ደናግል ደቂ-ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከብ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ኣታዊ ክትገብሩ ይግባእ።

12. እቲ ጨረታ ዕለት 5/10/2016 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ብኣቆፃፅራ ግእዝ ተዓፅዩ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9፡00 ብኣቆፃፅራ ግእዝ ኣብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቅሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ይክፈት።

13. ስዓራይ ዝፍለ ብሎት ኮይኑ ኣብ ሓደ ሎት ብድምር ዝተሓተ ዋጋ ዝመልአ ይኽውን

14. ሓደ ተወዳዳራይ ኣብ ሓደ ሎት ዝተዘርዘራ ቤት ትምህርትታት ኩለን ዋጋ ናይ ምምላእ ግዴታ ኣለዎ ዘይመልአ ተወዳዳይ ግና ካብ ውድድር ወፃኢ ይኽውን

15. ሓደ ተወዳዳራይ ኣብ ኩለን ሎት ክወዳደር ይክእል 'ዩ ። ሓደ ተወዳዳራይ ስዓራይ ዝኽውን እንተበዚሑ ኣብ ክልተ ሎት ጥራይ ይኽውን ይኹን ዳኣምበር ሓደ ተወዳዳራይ ካብ ክልተ ሎት ንላዕሊ ስዓራይ እንተኾይኑ ክልተ ሎት ጥራሕ ይመርፅ ሞ እተን ካልኦት ሎታት ንቀፂሉ ዝተሓተ ዋጋ ዝመልአ ብናይ 1 ዝመልኦ ዋጋ ውዕሊ ይኣስር፡

16. ጨረታ ሰዓራይ ሰዓራይ ምኂኑ ካብ ዝተገለፀሉ መዓልቲ ጀሚሩ ናብ ትካልና ብኣካል ብምቅራብ ኣብ ውሽጢ 3' ናይ ስራሕ መዐዓልቲ ውዕሊ መክበሪ ካብ ዘሸነፎ ዋጋ 10% ብምትሓዝ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል

17. ኣብ እዋን ምኽፋት ፐርፎርማ ተወዳደርቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተሃለው ይምረፅ።

18. ትካልና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle